# ዓቕምታትካ ኣለሊ

ናይ ሓደ ሞያ ተመክሮ ሃልዩካ፡ ናይ ስራሕ ሂወትካ ተመክሮ ከመይ ጌርካ ኣብ ሽወደን ክትጥቀመሉ ከምትኽእል ክትፈልጥ ዶ ትደሊ?

ነብሰ-ግምገማ ብምግባር፡ እዚ ሞያ እንታይ ከምዝጠልብ ሓደ ስእሊ ይህበካ።

ነብሰ ግምገማ ብመንገዲ ምስ ሓደ ሞያ ኣብ ናይ ሽወደን ናይ ስራሕ ዕዳጋ ምትሕሓዝ ዘለዎ ቅጥዒ ብምምላእ ትገብሮ። እቲ መልሲ ንስኻ ከም ሓደ ሓገዝ ንኽትጥቀመሉ እዩ ተሓሲቡ። እቲ ቅጥዒ ነብሰ ግምገማ ድማ ምስ ሓደ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት መራኸቢት ስራሕ ኣብ ምምይያጥ ክትጥቀመሉ ትኽእል። እቲ መልሲ ንቤት ጽሕፈት መራኸቢት ስራሕን ንዓኻን ካብቲ ናይ ቤት ጽሕፈት መራኸቢት ስራሕ ጻዕርታት ንምሕራይ ከቃልል ይኽእል። ኣብ ሽወደን ከመይ ጌርካ ዓቕምታትካ ክትጥቀመሎም ክትኽእል፣ ንኽትቅጽል ከመይ ጌርካ ሓበሬታ ክትረክብ ከምትኽእል፣ ትምህርትኻ ክትውስኽሉ፣ ናይ ስራሕ ልምምድ ወይ ብቕዓትካ ከተረጋግጽ ምናልባት ሓገዝ የድልየካ ይኸውን።

እቶም ሕቶታት ናይ ነብሰ ግምገማ፡ ኣብ ሽወደን ዝተፈላለዩ ሞያታት እንታይ ከምዝጠልቡ መሰረት ብምግባር እዮም ተገይሮም። እቶም መልስታት ኣብ ናትካ ፍልጠታትን ተመክሮታትን ኣብቲ ሞያ ዝተመርኮሱ እዮም።

ኩሉ ፍልጠትካን ተመክሮታትካን ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ። ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ ንዓቕምኻ ትግምግሞ።

እዚ ነብሰ ግምገማ ብዛዕባ ናይ ሆቴልን ናይ ኣኼባ ኣኣንጋዳይ/ኣኣንጋዲት ሞያ እዩ ከምናይ ኣኼባ ኣኣንጋዳይ/ኣኣንጋዲት ሰሪሕካ እንተ ነርካ፡ ቅድሚ ሓደ ምርግጋጽ ብቕዓት ምግባር ወይ ተመሳሳሊ፡ ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ዓቕምታትካ ክትግምግም ጽቡቕ እዩ። ከምቶም ኣብዚ መጠይቕ ነብሰ ግምገማ ተጠቒሶም ዘለዉ ዝመሳሰል ተመክሮታት ሃልዩካ ክንሱ ከም ኣኣንጋዳይ ኣኼባ ግን ሰሪሕካ ዘይትፈልጥ እንተ ኾንካ፡ ምናልባት ናብ'ቲ ናይ ብቕዓት ምርግጋጽ ንምቕጻል፡ ናትካ ነብሰ ግምገማ ምስ ኣራኻቢ ስራሕ ናትካ ክትመያየጠሉ ትኽእል።

እቶም ከም ብቑዓት ዝቑጸሩ ሞያታት፡

**ኣኣንጋዲት/ኣኣንጋዳይ ኣኼባ**

ነብሰ ግምገማ ማለት ባዕልኻ ነብስኻ ምግምጋም እዩ መሰረት ናይ ነብሰ ግምገማ ናትካ ፍልጠትን ናይ ስራሕ ተመክሮታትን እዮም። ንስኻ ኢኻ ድማ ክትግምግሞም ክትፍትን ዘለካ።

# ዓቕምታትካ ንምልላይ ካብዞም ዝስዕቡ ደረጃታት ክትብገስ ትኽእል ኢኻ

## 1: ዋላ ሓደ ተመኩሮ

- ኣብዚ ምናልባት ብዛዕባ እቲ ሕቶ ዋላ'ውን ዝኾነ ግብራዊ ተመክሮ ኣይሃልኻ፡ ክልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠት ግን ክህልወካ ይኽእል እዩ።

## 2: ቀሩብ ተመኩሮ

- በዚ ሞያ ካብ ሓደ ዓመት ንታሕቲ ሰሪሕካ
- ሓደ ትምህርቲ እንዳ ወሰድካ ከለኻ፡ እቲ ስራሕ ፈቲንካዮ ኔርካ።

## 3: እኹል ተመኩሮ

- ነዚ ስራሕ ዝምልከት ንሓደ ዓመት ዘገልግል ምስክር ሰብን ናይ ስራሕ ምስክር ወረቐትን ኣለካ።
- ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ስራሕ ቦታ ብተመሳሳሊ ሞያ ሰሪሕካ ኢኻ

## 4: ብዙሕ ተመኩሮ

- ኣብዚ ሞያ እንተ ወሓደ ናይ ሓደ ዓመት ተመክሮ ኣለካ
- ግብራዊ ተሞክሮ ኣለካን ብተዛማዲ ነብስኻ ክኢልካ ብዝቐልጠፈ ክትሰርሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ።

## 5: ኣዝዩ ብዙሕ ተመኩሮ

- ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ከም መራሕ ስራሕ፣ ቀንዲ ኸሻኒ ወይ ክኢላ ኬንካ ክትፍተን ምኽኣልካ ኔርካ
- ነዚ ስራሕ ናይ ምውዳብን ምምዕባልን ተመክሮ ኣለካ። ከምኡ'ውን ናይ ምምሕዳርን ምምራሕን ተመክሮ ኣለካ።
- ከምዚ ዓይነት ስራሕ ክመይ ጌርካ ከም ዝካየድ ናይ ምምይያጥ ተመክሮ ኣለካ። ከምኡ'ውን ንመሳርሕትኻ ኣብ ስራሕ ከተሳትፎምን ከተተባብዖምን ትኽእል ኢኻ
- ንዘሎ ርእሰ ማል ናብ ዝተፈላለየ መደብ/ጉጅለታት/ንጥፈታት/መሳርሕትን ናይ ምውዳብ ተመክሮ ኣለካ

ንዘለካ ተመክሮታት ክተማዕብሎ (ብዛዕብኡ ተወሳኺ ክትጽሕፍ) እንተ ደሊኻ፡ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ናይ ነጻ ጽሑፍ ቦታ ተጠቀም። እዚ

ሽወደንኛ

ብዛዕባ ኣብዚ ሞያ ዘለካ ተመክሮታት ኾይኑ ኣብዚ ናይ ነብሰ ግምገማ መጠይቕ ግን እቲ ሕቶ ዘየለ ክኸውን ይኽእል።

ዘለካ ፍልጠትን ተመክሮታትን ብገለ መንገዲ፡ ንኣብነት ብምስክር ወረቐት ከተረጋግጾ ትኽእል ዲኻ?ምስክር ወረቐት እንተ ኣለካ ኾይኑ፡ ቤት ጽሕፈት መራኸቢት ስራሕ ኣብ ምትርጓሙን ምርግጋጽ ብቕዓቱን ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

# ቅጥዒ ነብሰ-ግምገማ

## ኣኼባ - ሆቴል

| ኣገደስቲ ባህርያት ናይ ኣኼባ ኣኣንጋዲት/ኣኣንጋዳይ | 1-5 (ዋላ ሓደ ተመክሮ - ኣዝዩ ብዙሕ ተመክሮ) |
|---|---|
| 1) ኣብ ሆቴል ናይ ኣኼባ ኣኣንጋዲት/ኣኣንጋዳይ ስራሕ፡ ክንጸሩ ዘለዎም ጠቐምቲ ውልቃውያን ባህርያት ኣለዉኒ ኢሉ ይሓስብ፦<br><br>እወ እንተ ኾይኑ መልስኻ፡ እቶም ክተጕልሖም ትደሊ ባህርያት ኣየኖት ምኳኖም ሕሰበሉ | እወ ኣይፋል |
| 2) ኣብዚ ታሕቲ ተገሊጹ ከምዘሎ ጌይረ ኣጋይሽ ናይ ምቕባል ዓቕሚ ኣለኒ።<br><br>*ንኣብነት፦*<br><br>- *ጽን ኢለ ሰማዕን ህዱእን እየ።*<br>- *እዚ ሆቴል ዝህቦ ኣገልግሎት ብንጹር ሓበሬታ ይህብ።*<br>- *ዋላ እቲ ኩነታት ኣዋጣሪ ይኹን ኣብ ኣገልግሎት ኣተኩረ ይሰርሕ።* | 1 2 3 4 5 |
| 3) ምስ ኣጋይሽ ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ናይ ምዝርራብ ዓቕሚ ኣለኒ።<br><br>*ንኣብነት፦*<br><br>- *ኣብ ናይ ግርጭት ኩነት*<br>- *ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት*<br>- *ብተሌፎን ትእዛዝ ምቕባልን ምምዳብን*<br>- *ብኢመይል ትእዛዝ ምቕባልን ምምዳብን* | 1 2 3 4 5 |

| | |
|---|---|
| 4) ብውዱብ ኣገባብ ይሰርሕ።<br>*ንኣብነት፦*<br>*ነቲ ንጥፈታት ብስሩዕ ናይ ምሓዝ ሜላ ኣለኒ።* | 1 2 3 4 5 |
| 5) ስርሓይ ናይ ምውዳብን ነብሰይ ክኢለ ናይ ምስራሕን ዓቕሚ ኣለኒ። | 1 2 3 4 5 |
| 6) ኣብ ቅድሚ እኩብ ህዝቢ ናይ ምዝራብ ዓቕሚ ኣለኒ። | 1 2 3 4 5 |
| 7) ኣብ ሆቴል ናይ ኣኼባ ኣኣንጋዲት/ኣኣንጋዳይ ስራሕ፡ ክንጸሩ ዘለዎም ጠቕምቲ ውልቃውያን ባህርያት ኣለዉኒ ኢለ ይሓስብ፦ | |
| **ኣገዳስቲ ባህርያት ናይ ኣኼባ ኣኣንጋዲት/ኣኣንጋዳይ** | |
| 8) ተክኒካዊ መሳርሒ ናይ ምጥቃም ተመክሮ ኣለኒ።<br>*ንኣብነት፦*<br>- *ፕሮጀክተር*<br>- *ኮምፒዩተር*<br>- *ኢንተርነት ምኽፋት*<br>- *ናይ ተለፎን ኣኼባ*<br>- *ናይ ቪድዮ ኣኼባ* | 1 2 3 4 5 |
| 9) ናይ ምዝገባ ኣተሓሕዛ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |

Arbetsförmedlingen

ሸወደንኛ

ኣብዚ ላዕሊ ካብ ዝቐረቡ ሕቶታት ንላዕሊ ንዘለካ ተመክሮታትን ፍልጠትን ከተነጽሮም እንተ ደሊኻ፡ ብኽብረትካ ኣብዚ ታሕቲ ግለጾም፦